# ትርጒምን ኣገዳስነትን

# ታሪኻዊ ስርሒት ፈንቅል



*መሓመድ ኑር ያሕያ*

**ዋና ኣሰናዳኢ ኤርትራ ኣልሃዲሳ**

**ናይ ሎምዘበን ዝኽሪ ስ ርሒት ፈንቅል፡ ብደረጃ ዞባና፡ ክፍለ ዓለምናን ዓለምን ብዙሕ ምዕባለታትን ምቅይያራትን ኣብ ዘጋጥመሉ ዘሎ እዋን ኢና ንመበል 35 ዓመቱ ነብዕሎ ዘለና። ከም ዝዝከር እዚ ዕምሪ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ንከኸትም ባብ ዘርሓወ፡ ምስክር ቅያናን ጅግንነትናን ዝኾነ ስርሒት ፈንቅል፡ ኣብ'ቲ ብዓወት ዝተዛዘመሉ ግዜ'ውን ኣብ ዓለም ዓበይቲ ምቅይያራት ተኸሲቶም ነይሮም'ዮም። ሓደ ካብኡ እታ ኣንጻር ፍትሓዊ ሓርነታዊ ቃልስና ተሰሊፋ ንስርዓት ደርግ ብኣጽዋርን  ኣማኸርቲ ኹናትን ትድግፍ ዝነበረት ርእሰሓያል ሕብረት ሶቬት፡ ደረጃ ብደራጃ ክትበታተን፡ ብፍላይ ድማ ካብ 1988 ንደሓር ፓሊሲኣ ክትቅይርን ካብ ኣፍጋንስታን ክትወጽእን ዝተገደደትሉ መድረኽ እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ዝተጠቕሰ ምፍርካሽ ሕብረት ሶቬት፡ ምስ ምዕዋት ስርሒት ፈንቅል ካብ 1989 ክሳዕ 1990 ዓ.ም. ዝተራእዩ ምዕባለታት፡ ሓድነታዊ ምጽንባር ምዕራብን ምብራቕን ጀርመን ፡ ውህደት ሰሜንን ደቡብን የመን፡ ናሚብያ ካብ ድቡብ ኣፍሪቃ ናጻ ምውጻኣ፡ ምኽታም ዓሌታዊ ስርዓት ደቡብ ኣፍሪቃን ምሕያል ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኣፍሪቃውያንን፡ ኲናት ማእከላይ ምብራቓን ሓድግታቱን፡ ኲነታት ሶማልያ፡ ኣብ ሱዳን ብ30 ሰነ 1989 ዝተራእየ ምዕባለታትን ክጥቀሱ ይኽእሉ።**

**ስርሒት ፈንቅል መደርዕን መቐጸልታን ናይ'ቲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል ብውቃው እዝን ናደው እዝን ዝፍለጥ ግንባራት ጸላኢ ብምድምሳስ**

ጨቢጥዎ ዝነብረ ዓወታት እዩ ነይሩ። ደርግ ኣብ'ዚ ውግኣት'ዚ፡ ከቢድ ናይ ሰብን ኣጽዋርን ክሳራ ኣብ ርእሲ ምስካሙ፡ ኣብ ሓልሓል ዝነበረ ድፋዓቱ ተሓዲጉ፡ ኣብ መጨረሻ ድማ እቲ ብብዙሕ ዓቕሚ ሰብን ምዕቡል ኣጽዋርን፡ ብሶቬታውያን መኹነናት ኣማኸርቲ ኹናት ደሪዕዎ ዝነበረ ግንባር ናደው እዚ፡ ብጅግንነታዊ ስርሒት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ተደምሲሱ። እቲ ተኸታታሊ ስዕረት ዝወረዶ ግዱድ ሰራዊት ጸላኢ ሞራሉን ናይ ምውጋእ መንፈሱን ኣዝዩ ተዳኺመ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ኣብ መንጎ ላዕለዎትን ታሕተዎትን ኣዘዝቲ እቲ ሰራዊት ዘይምትእምማን ስለ ዝተፈጥረ፡ ገለ ኣዘዝቲ ተረሸኑን ተኣስሩን። እዚ ፍጻመታት'ዚ፡ እቲ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ደርግ እምነት ንኸጥፍእ ስለ ዝደረኸ፡ ገለ ላዕለዎት መራሕቲ ሰራዊት፡ ብ16 ግንቦት 1989 ኣብ ልዕሊ መንግስቱ ሃይለ ማርያም ፍሹል ዕልዋ መንግስቲ ኣካየዱ። እዚ መንግስቱ ናብ ምብራኽ ጀርመን ኣብ ዝገይሹ እዋን ዝተኻየደ ዕልዋ፡ ምንም እኳ እንተ ፈሸለ፡ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ደርግ ከቢድ ቅልውላውን ዘይምትእምማንን ከም ዝዛይድ ገይሩ'ዩ።



እቲ ስርዓት ውሽጣዊ መሳርዑ ላሕሊሑ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታውን ቍጠባውን መዳያቱ ኣዝዩ ተዳኺመ። እዚ ኲነታት'ዚ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ተላዒሉ ዝነበረ ሰውራዊ ተቓውሞታት ዝያዳ ንኽሕይል ድርኺት ፈጠረ። ብሓገዝ ህዝብን ሰውራን ኤርትራ ድማ ተቓወምቲ ኣብ ምዕራብ፡ ድቡባዊ ምዕራብን ሰሜንን ኢትዮጵያ ዓበይቲ ዓወታት ከመዝግቡ ክኣሉ። ስርዓት ደርግ በቲ ካብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ሰውራ ኤርትራን ዘጋጥሞ ዝነበረ መሪር ስዕረት፡ ሓይሉ ይጽንቀቕ ከም ዘሎ ስለ ዝተገንዘበ፡ እታ ሓጋዚቱ ዝነበረት ሕብረት ሶቬት'ውን ትበታተን ስለ ዝነበረትን ኣብ ውሽጣዊ ጕዳያታ ኣድሂባ ግዲ ስለ ዘይገበረትሉን፡ ከምኡ'ውን ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ትሕግዞ

ዝነበረት ደቡብ የመን ምስ ሰሜን ስለ ዝሓበረት፡ ኣባላት ምብራቓዊ ደንበ ዝነበራ ደገፍቱ ሃገራት ምስ ምብትታን ሕብረት ሶቬት ደገፈን ስለ ዘቋረጻ፡ እቲ ብሰውራ ኤርትራ ዝፍነወሉ ዝነበረ ተኸታታልን ደምሳስን መጥቃዕታት ከም ዘይምሕሮ ስለ ዝገምገመ፡ መዳለዊ ግዜ ንምርካብ፡ ናብ'ቲ ፍረ ዘይተረኸቦ ብመንጎኘነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር፡ ጂሚ ካርተር፡ ዝተመርሐ ዘተ ሰላም ኣትላንታ ብምስታፍ ምስ ሰውራ ኤርትራ ንኸዛተ ቐረበ።



ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፉ ግጥማት ተሳዒሩ ብእግረይ ኣውጽእኒ ካብ ዝተፈለለየ ቦታታት ኤርትራ ንድሕሪት ዝሃድም ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ባሕርን መሬትን ኣብ ዘቕሞ ዕርድታቱ ኣጥቂዑ ንምድምሳሱ፡ መጽናዕቱን ምድላዋቱን ኣጻፊፉ ነይሩ። ብመሰረት'ዚ ድማ በርቃዊ ስርሒት ፈንቅል ዓጀብ ብዘብል ፍጥነትን ውሕልነትን ኣብ ልዕሊ እቲ መራኽብ ኲናትን ከበድቲ ኣጽዋርን ታንክታትን ዓጢቑ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ተኻየደ። ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ድማ ካብ'ቲ ንነዊሕ እዋን ዓስኪሩላ፡ ንተቐማጦኣ ዘበሳበሰን ዘሳቐየን ሰራዊት መግዛእቲ ንሓዋሩ ሓራ ኾነት። ታሪኻዊ ስርሒት ፈንቅል ንምሕራር ምሉእ ኤርትራ ባብ ዝኸፈተ'ዩ ነይሩ። ጸላኢ፡ ነቲ ኣስመራ ንምሕራር ዝግስግስ ዝነበረ ህዝባዊ ሰራዊት ንምዕጋት፡ ኣብ ዙርያ ደቀምሓረ ግንባር ሰሪቱ ነይሩ። ህዝባዊ ሰራዊት በርቃዊ መጥቃዕቲ ብምፍናው ነቲ ግንባር ደምሰሶ። ግንባር ደቀምሓረ ምስ ፈረሰ፡ ጅግና ህዝባዊ ሰራዊት ዝቐረም ሓይሊ ጸላኢ እና ቐረመ ኣስመራ ኣተወ። ጸሓፍቲ ታሪኽ ከም'ቲ ነቲ ንኣፍዓበት ሓራ ዝገበረ መጥቃዕቲ ናደው እዚ ብ"ድያን ቢያን ፉ" ዝገለጽዎ፡ ነዚ ብዓይነቱን ቅልጣፈኡን ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ብዘውረዶ ክሳራን ልዕሊ ትጽቢት ክኢላታት ስትራተጂ ኹናትን ፖለቲከኛታትን ዝነበረ መዳርግቲ ኣልቦን ዘደንቕን ስርሒት ፈንቅል፡ ብልከዕ ንኽገልጽዎ ልዉል ብቕዓት ክሓቶም'ዩ። ክብርን መጐስን ነቶም ስርሒት ፈንቅል ክዉን ዝገበሩ ምዑታት ተጋደልትን፡ ነቲ ክብሪ ሃገሩ ከቶ ከየድፈረ ብጽንዓትን ሓቦን ኵሉ ተጻብኦታት መኪቱ እናሻዕ ዓወት እናዓተረ ዝምርሽ

**ዘሎ ሓርበኛ ህዝብን ኤርትራ፡ ክቢሩ ድማ ይንበር። ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማታትና።**